# ፔን ኢንተርናሽናል-ኣብ ቋንቋ መሰላት ዘድሃበ ናይ ጊሮና ማኒፌስቶ

ፔን ኢንተርናሽናል ናይ ዓለም ፀሓፍቲ የቀራርብ ። እዙይ ማኒፌስቶ ኣብ ጊሮና ብፔን ኢንተርናሽናል ናይ ትርጉምን ቋንቋን መሰላት ኮሚቴ ጉንበት ፳፻፫ ዓ.ም ተዳሊዉ ኣብ መበል ፸፯ ዓለም ለኸ ናይ ልኡኺት ጉባኤ መስከረም ፳፻፬ ዓ.ም ዝፀደቐ እዩ። እዙይ ማኒፌስቶ ዓሰርተ ዋና ዋና ቋንቋ ዘማእኸሉ መምርሕታት ይድንግግ።

፩ ሓያሎ ልሳናት ክብሪ ክወሀቦምና ክሕለዉ ዝግበኦም ናይ ዓለም ሓድግታት እዮም ።
፪ ኣብ ዓለምና ሰላም ንምስፋን ኣብ ዝግበር ከይዲ ንኩሎም ቋንቋታት ባህልታት ዘወሃብ ክብሪ ከምኡ እዉን ናይ ምይይጥ ልምዲ ምዕባይ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ ።
፫ ኩሎም ግለሰባት ሂወት ቋንቋ ባህልን ማንነትን ኣብ ዝህቦም ናይ ሕብረተሰብ ልቢ ዉሽጢ ዝርርብ ይማሃሩ።
፬ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ዝተፈላለዩ መረዳድኢ ሜላታት ናይ መረዳድኢ መንገድታት ጥራሕ ዘይኮኑስ ኣብ ዉሽጦም ደቂ ሰባት ዝዓበዩሎም ባህሎም ዝተሃነፁሎም ማህደር እዮም ።
፭ ዝኾነ ሓደ ቋንቋ ተዛራቢ ሕብረተ-ሰብ ቋንቁኡ ናይ ስራሕ ቋንቋ ናይ ምግባር መሰል ኣለዎ ።
፮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝትግበር ምምሃር ምስትምሃር ሜላ ኣብቲ ከባቢ ዝነብር ሕብረተ-ሰብ ዝጥቀመሉ ቋንቋ ክብሩ ንሽዓቢ ኣስተዋፅኦ ክገብር ኣለዎ ።
፯ ዜጋታት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ሓፈሻዊ ፍልጠት ንኽህልዎም ምግባር ኣድላዪ እዩ ።ምኽንያቱ ናይ ካልኦት ስምዒት ንምግንዛብ ይኹን ሙሁራዊ ግልፅነት ብምትሕግጋዝ ብዛዕባ ቋንቋኻ ዕሙቕ ፍልጠት ንኽህልወካ ስለ ዝገብር እዩ ።

፰ ኣብ ደቂ ሰባት ምክብባርን ነንባዕልኻ ምርድዳእን ንኽህሉ ዝግበር ከይዲ ኣብ ምፍጣር ስነ ፅሑፍ ብፍላይ ኣብ ዓበይቲ ባህልታት ዝተሰርሑ ምትርጓም ብጣዕሚ ጠቃሚ ቦታ ይሕዝ ።

፱ መራኽቢ ሓፋሽ ሓያሎ ልሳናት ኣዎንታዊ ዝኾነ ፍርያት ንከምፅኡን ክብሮም ንኽዕብዩን ዝገብር በዓል ፍሉይ መሰል መጉልሂ ድምፂ እዩ ።

፲ ቋንቋኻ ናይ ምጥቃምን ምሕላዉን መሰል ብሕቡራት መንግስታት ካብ መሰረታዊ ናይ ደቂ ሰባት መሰል ከም ሓደ ኣካል ክኸዉን ይግባእ።